Ministerium für Arbeit,
Gesundheit und Soziales
des Landes Nordrhein-Westfalen



# ጥቕላል ትምህርትን ተሳትፎን።

## ተወሰኽቲ
## ክፍሊታት ንናይ ቤት - ትምህርትን
## መዘናግዕን ወፈያታት ተጠቐሙሎም
## ኢኹም

www.mags.nrw

## ዓቕምታት/ክፍሊታት መን ድዩ ክቕበል ዝኽእል?

ንስኹም ወይ ደቅኹም መሰል ምቕባል

- ሓገዛት ብሕጊ SGB II (ገንዘብ ስራሕ ዘይብሎም II ወይ ገንዘብ ሶሽያል)
- ማሕበረ ሰባዊሓገዝ (ብሕጊ) SGB XII
- ናይ ምቕማጥ ገንዘብ
- ተወሳኺ ገንዘብ ቆልዑ ወይ
- ክፍሊታት ብሕጊ ገንዘባዊ ደገፍ ንሓተትቲ ዑቕባ (AsylbIG)

ሽዑ ዋላ መሰል ንክፍልታት ትምህርትን ተሳትፎን ብጠቕላላ ኣለኩም።

## ኣየኖት ክፍሊታት ኣለው?

### መገሻታትን ዝያዳ መዓልትታት ዝንውሑ ጉዕዞታትን

ክፍሊታት ናይ ዝያዳ መዓልትታት ዝንውሑ ጉዕዞታት ወይ ሓደ መዓልቲ ዝነውሑ መገሻታት ካብ ቤት-ትምህርቲ ወይ ካብቲ ናይ ቆልዑ መዓልታዊ ትካል ክኽፈሉ እዮም።

### ጥቕላል ኣድላይነት ትምህርቲ

ተመሃሮ ንናውቲ ትምህርቲ (ንኣብነት ተሓዛሊ ሳንጣ ንቤት-ትምህርቲ፣ ንብረት ስፖርት፣ መሳርሕታት ንምቁጻርን ምስኣልን፣ መደመሪ፣ ጥራዛት) ኣብ 1ይ መንፈቕ ትምህርቲ 70 ኦይሮ ከምኡ'ውን ኣብ 2ይ መንፈቕ ትምህርቲ 30 ኦይሮ።

### ክፍሊታት ትራንስፖርት ትምህርቲ

ተመሃሮ ንዝቐረቦም ዘሎ ቤት-ትምህርቲ ብዘይ ገንዘብ ትራንስፖርት ክርክቡዎ እንተዘይክእሉ፣ ሓጋዚ ክፍሊት ንኣድለይቲ ክፍሊታት ትራንስፖርት ትምህርቲ ክወሃቡ እዮም፣ እቶም ክፍልታት ብካልእ ወገን እንተ ዘይኽፈሉ።

### ኣበርክቶ ምምሃር ንተመሃሮ

ዝኾኑ ተመሃሮ ካብ ኣድላይ ኣበርክቶ ምምሃር ክግለሉ የብሎምን። ስለዚ ክፍልታት ናይ ብቑዕ ተወሳኺ ኣበርክቶ ምምሃር ክስከሙ ይኽኣሉ፣ ኣድላይ እንተ ደኣ ኮይኑ፣ ዕላማታት ትምህርቲ መታን ክብፅሑ።

### ሓገዚ ክፍሊት ንምሳሕ

ቤት-ትምህርታትን መዓልታዊ መቐመጢታት ቆልዑን ሓፈሻዊ ምሳሕ እንተ ደኣ ዘውፍዩ ኮይኖም፣ ኣብኡ ዝሳተፉ ቆልዑ ድማ ሓገዚ ክፍሊት ንምሳሕ ክቕበሉ ይኽእሉ እዮም።

### ተሳትፎ ኣብ ሕብረተሰባውን ባህላውን ሕይወት ንቆልዑን መንእሰያትን ክሳብ መፈጸምታ ዕድመ 18።

ትሕተ ዕድመ 18 ዘለው ቆልዑን መንእሰያትን ባጀት ክሳብ 10 ኦይሮ ወርሓዊ ክወሃቡ እዮም ንወፈያታት ማሕበር ከምኡ'ውን ን ናይ ባህሊ ወይ ምዝንናይ/ዕርፍቲ ወፈያታት።






## እቶም ክፍሊታት ከመይ ክትቕበሉ ትኽእሉ?

ብቐሊሉ ሕቶ ምልክታ ኣብ ጆብሰንተር ትገብሩ ወይ ኣብ ከተማዊ ወይ ከባቢያዊ ምምሕዳር። ካብኡ ሽዑ ሓጋዚ ገንዘብ እንተ ደኣ ዝኽፈል ወይ ክንደይ ካብቲ ዝደለኹም ሓጋዚ ገንዘብ ክኽፈል ከምዝከኣል ክምርመር እዩ። ብዛዕባ ሕቶኹም ኣብኡ እንተላይ ክውሰን እዩ። እቲ ክፍሊት ከከም ኩነታት ብቐጥታ ናብቲ ማሕበር፣ ናብ ናይ ሙዚቃ ቤት-ትምህርቲ ወይ ናብቲ ወፋዪ ምሳሕ ክኸይድ እዩ። ብዘይ ዓቢ ጻዕሪ ንዓኹም!

እቶም ክፍሊታት ብእዋን ክትጠልቡ ኣገዳሲ እዩ፣ ማለት ኣቐዲምኩም ዝኾኑ ክፍሊታት ከይተኸፈሉ ወይ ብዝሐ ክፍሊት ከይተወሰነ ከሎ ክትጠልቡ ኣለኩም።

**ወሰኽቲ ሓበሬታታት ብዛዕባ ነፍስ-ወከፍ ክፍሊት ንትምህርትን ተሳትፎን ኣብ ናትኩም ጆብሰንተር ወይ ኣብ ናትኩም ናይ ከባቢ ወይ ከተማዊ ምምሕዳር ክትቕበሉ ኢኹም።**



## ሕጂ ተግባር !

ቆልዑን መንእሰያትን ብሰንኪ ገንዘባዊ ምኽንያት ካብ ባህላውን ሕብረተሰባውን ሕይወት ምስ ማዕረ ዕድመ ዘለዎም ሰብ፣ ንጹጋት ክኾኑ የብሎምን። ዓቕምታት ናይ ትምህርትን ተሳትፎን ብጥቕላላ ብዙሓት እዮም፣ እዚ ንቆልዑ ካብ ድኹም ደሞዝ ዘለዎም ስድራቤታት ኣብ ቤት - ትምህርቲ ንክድገፉ ከምኡ ' ውን ንጡፍ ኣካል ናይ ሕብረተሰብ ንክኾኑ ክሕግዝ እዩ።

> “ንቆልዓኹም ሓሲብኩም ብዕቱብ ውሰዱዎም። እቶም ጆብሰንተራት (Jobcenter) ወይ ናይ ከባቢ ወይ ከተማ ምምሕዳራት (Kreis- oder Stadtverwaltung) ክሕግዙኹም ኢዮም . “

Karl-Josef Laumann,
ሚኒስተር ናይ ስራሕ ጥዕና ማሕበራዊ ጉዳያትን
ክፍለ ሃገር ኖርድራይን ቬስትፋለን

ሓታሚ
ምሕዳር （ሚኒስተርዩም）
ናይ ስራሕ ጥዕና ማሕበራዊ ጉዳያትን
ክፍለ ሃገር ኖርድራይን ቬስትፋለን
Fürstenwall 25
40219 Düsseldorf
ናይ ዞባ 0211 855-3211
info@mags.nrw.de
www.mags.nrw

ምስኣል idea Kommunikation, Dortmund
ምስኣል Hausdruck
ምልክታ ፎቶ/ውርጪ Fotolia/matimix, Fotolia/Monkey Business, Fotolia/Syda Productions, Shutterstock/Enraged, Shutterstock/ESB Professional, Shutterstock/graphicsmania, Shutterstock/Great_Kit, Shutterstock/VoodooDot (2)

© MAGS, November 2017

እዚ ሕታም’ዚ ክጥለብ ወይ
ካብ ኢንተርነት ክስሓብ ይከኣል፥
www.mags.nrw/broschuerenservice